# ጥኑሳት ሰራሕተኛታትን ሓደስቲ ወለድን

## ጥንሲን ስራሕን

ጥንስቲ እንተኾይንክን ንኣስራሒኽን ትሓትኦን ንሱ’ውን ኪገብረልክን ዝግብኦን

- ብዝሕ ዝበለ ወይ ድማ ንውሕ ዝበለ ግዜ ምጥቃም ሽቓቕን ዕረፍቲ መግብን መስተን ከምትረኽባ ምግባር
- ኾፍ ኢልካ ምስራሕ
- ካብ 20 ፓውንድ ንላዕሊ ከይትስከማ ዓቕን ምውሳን

ብሓኪም እንድሕር ተኣዚዙልክን፤ ካልኦት ለውጥታት ኪገበረልክን’ ውን ምሕታት መሰልክን እዩ። ስለዝጠነስክን፤ እቲ ኣስራሒ ባዕሉ ኣብ ኩነታት ስራሕክን ለውጢ ኪትገብራ ክሓተክን ኣይክእልን እዩ።

## ጥንሲን ፈቓድ ዕረፍትን ወላዲ ካብ ስራሕ

ሰራሕተኛታት፤ ኣብ ግዜ ጥንሲ ኾነ ኣብ ግዜ ሕርሲ ከምኡ’ውን ካልእ ቆልዓ ከምናቶም ጌሮም ከዕብዩ ምስሃቀኑ፤ ክሳብ 12 ሳምንቲ ዝበጽሕ፤ ደሞዝ ዘይክፈሎ ግዜ ዕረፍቲ ንምርካብ ኪሓቱ ይኽእሉ። እዚ ዓይነት ፈቓድ ስራሕ፤ እቲ ኣስራሒ ክንደይ ሰባት ኣለውዎ ወይ ድማ እቲ ሰራሕተኛ ኣብ ትሕቲኡ ክንደይ ዓመት ሰሪሑ ብዘየግድስ ኪውሃብ ይክኣል።

ፈቓድ ዕረፍቲ ጥንስን ፈቓድ ወላዲን ኣብ ምንታይ ዓይነት ኩነታት እዩ ዝውሃብ

- ክንክን ወላዲ ኣብ ዘድልየሉ
- ብምኽንያት ጥንሲ ወይ ድማ ብምኽንያት ጉድለት ጥዕና ስራሕ ምስራሕ ከሸግር ከሎ
- ኣብ ግዜ ሕርሲ ወይ ድማ ዘይናትካ ቆልዓ ክትዕቢ ኪትውሰን ከለኻ ወይ ድማ
- ድሕሪ ሕርሲ ምስቲ ዝተወልደ ቆልዓ ወይ ድማ ነቲ ኪተዕብዮ ምስ ዝወሰንካዮ ቆልዓ ዝያዳ መላለይ ወይ መፋለጢ ግዜ ንምርካብ

ኣስራሕቲ፤ እዚ ዓይነት ፈቓድ መዓስ ከምዝሕተትን እቲ ብምኽንያት ሕርሲ ወይ ሓዲሽ ቆልዓ ንምዕባይ ዝውሰድ ፈቓድ ኣብ ውሽጢ 12 ኣዋርሕ ኪኸውን ከምዘለዎን ዝተወሰነ መመሪሒታት ከውጽኡ ይኽእሉ።

ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ግዜ ጥንሲ ወይ ድማ ድሕሪ ሕርሲ እንድሕር ሓሚማ በቲ ኣስራሒኣ ዝውሃብ ጠቕሜታት ንኣብነት ፈቓድ ሕማም ወይ ድማ ፈቓድ ስንክልና ኪትጥቀም ትኽእል።



ደሞዝ እናተኸፍለ ዝውሃብ ሕጊ ፈቓድ ስድራቤትን ብሰንኪ ሕማም ዝውሃብ ፈቓድ ሚኖሶታ ካብ 1 ጥሪ (Jan.) 2026 ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

## ኣብ ስራሕ ጸባ ኣደ ብዛዕባ ምሕላብ

ኣብ ስራሕ ከለኽን ካብ ጡብክን ጸባ ምሕላብ እንተደሊኽን፤ እቲ ቦታ ይንኣስ ይዕበ ብዘየገድስ፤ ኣስራሒኽን ነዚን ዝስዕባ ኪቕርበልክን የድልዮ

- ካብ ደሞዝክን ዝኾነ ገንዘብ ከይተቖረጸ፣ ጸባ ናይ ምሕላብ ግዜ ዕረፍቲ
- ጸባ ኪትሓልበሉ ዘኽእለካ ጽሩይን ውግን ዝበለ ቦታን
  - እቲ ንምሕላብ ጸባ ዝውሃብ ቦታ ሽቓቕ ኪኸውን የብሉን
  - ካልእ ሰብ ከይሪአክን ክውል ዝበለ ቦታ
  - ካልኦት ሰራሕተኛታት ኮኑ ካልኦት ሰባት እትው ውጽእ ካብ ዝብሉሉ ቦታ ናጻ ዝኾነ
  - ካብቲ ትሰርሓሉ ቦታ ቀረባ ዝኾነ
  - ናይ ኤሌክትሪክ መሰኩዒ ዘለዎ

ካብዚ ተመዝጊቡ ዘሎ ቁሩብ ፍልይ ዝበለ ድሌት ኪህልወክን ይኽእል እዩ።

ኣብቲ ዘድልየክን ግዜ፤ ጸባ ትሓልባሉ ግዜ ኪትመርጻ ትክእላ። እዚ ድማ በቲ ንኹሉ ሰብ ግዜ ዕረፍቲ እዩ ኣብ ዝተባህለ ምዱብን ዝኽፈሎን ግዜ ኪኸውን ይኽእል እዩ ወይ ድማ ኣብ ዘይክፈሎ ግዜ ምሳሕ ወይ ድማ ካልእ ግዜ ኪኸውን ይኽእል እዩ።

ኣስራሒኽን፤ ኣብ ስራሕ ጸባ ሓሊብክን ኪትቕምጣ ኾነ ካብ ስራሕ ፈቓድ ስለዝሓተትክን ወይ ድማ ምስ ምሕራስክን ዝኸይድ ገለ ገለ ነገራት ኪግበረልክን ስለዝሓተትክን ኣንጻር እዚ ኣብ ልዕሌኽን ዝኾነ ዓይነት ስጉምቲ ኪወስድ ዘይሕጋዊ እዩ።

## ምሳና ተራኸቡ፡

ናብ ደረጃ ስራሕ (Labor Standards) ብቑጽሪ ስልኪ 651-284-5075 ብምድዋልን ናብ dli.laborstandards@state.mn.us. ኢሜል ብምጽሓፍን ምሳና ኪትራኸቡ ትኽ እሉ።

DEPARTMENT OF LABOR AND INDUSTRY
Labor Standards • 443 Lafayette Road N. • St. Paul, MN 55155
651-284-5075 • 800-342-5354 • dli.mn.gov • dli.laborstandards@state.mn.us

መዘኻኸሪ፡ እዚ ሓጺር መግለጺ ሕጊ ሚኖሶታ እዩ። ቀንዲ ዕላምኡ ድማ ከም መተካእታ ሕግታት ሚኖሶታ ከገልግል ዘይኮነስ ከም መምሪሒ ጥራሕ ኪውሰድ ዝኣለመ እዩ።

Version 0623